# ተወልደ ሚናስ ናብ ልብኻ ተመለስ

(ብንኣምን የሕደጎ)

ሓው ተውልደ ሚናስ ንውድብ ደምሓኩኤ (ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ) ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ካብ ዝወከሉ ሓደ እዩ። በዚ መሰረት ኣባል ካለኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን እውን ነይሩ እዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይቲ ጉባኤ ዝነበረ ኩነታት ብዝምልከት ኣብቲ ናይ ባሕቲ መጋቢት 2007 ጋዜጣዊ መግለጺኡ፡ ዝሃቦ ምስክርነት ምስቲ ነዓይ ኣብኡ ዝነብሩ ዝሓበሩኒ ፍልልይ የብሉን። ነቲ ዝነበረ መስርሕን ሕድገታትን ብዝግባእ ጠቒስዎ ኣሎ። ኣብቲ ድሕሪ ምጅማር ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ንዝምልከት ዝሃቦ መብርሂ ግና ብንጹር ዘይገለጾ ንዕኡ'ውን ዘጸገሞ ጉዳያት ከም ዘሎ ተዓዚበ። ብዛዕባኡ ሓደሓደ ክሕግዞ ድማ እነሆ መሪጸ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መራሕቲ ዝፍተንሉ ኣጋጣሚ እቲ ቀዳማይ ምርጫ ፖለቲካዊ ፍታሕ ምምጻእ እዩ። መን ይፈልጥ እቲ ፖለቲካዊ ፍታሕ እንተዘይ ተዓዊቱ ግና ከምቲ "... *ብዕራይ ናብ ዘበለ እንተበለ ዕርፊ ኣጽንዕ...*" ዝበሃል ምስላ ናብ ሕጋዊ ኣሰራርሓ እዩ ዝምጻእ። ሕጋዊ ኣሰራርሓ ክበሃል እንከሎ ድማ ናይ ነበረያነብረ ሕጊ ዘይከነስ በቲ ዝሓደሰ ሕጊ ኢኻ እትሰርሕ። ማለት እዚ ጸገም ዘጋጠሞ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት በቲ ኣብ ግዜ ምሕዝነት ኮነ በቲ ኣብ ግዜ ኪዳን ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ዝምረሓሉ ዝነበረ ሕግታት ኣይኮነን ዝቕየድ። ኣብ ክንድኡ በቲ ኣብ 2ይ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ውሽጣዊ ሕጊ ወይ ቅዋም እዩ ክምራሕ ዝግበኦ። ካብኡ ሓሊፉ ሓደ እዋን እገለ በዚ ኣገባብ ተመሪጹ፡ እገለ'ባ ሓደ እዋን በዚ ኣገባብ ተሪፉ ዝብል ህውተታ ምቕራብ ተቐባልነት የብሉን።

እዚ ኣብ 2ይ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐን ጌና ቀለሙ ከይነቐጸ ዝተጣሕሰን ውሽጣዊ ሕጊ ወይ ቅዋም ነፍሲ ወከፍ ናይ ኪዳን ናይ ስልጣን ጽላታት ብኸመይ ክሰርሕ ከም ዝግበኦ ነናቱ ኣደማምጻ ዘቐመጠ እዩ። ኮነ ኢልካ ተዘይኮይኑ ንጥሕሰት ዝዕድም ኣገላልጻ እውን የብሉን። ንኣብነት ናብ ኣሰራርሓ ማእከላይ መሪሕነት እንተመጻእና፡ ካብ ዕማማቱ ሓደ "*.. ካብ ኣባላቱ ኣቦ መምብር፣ ምክትልን ጸሓፍን ማእከላይ መሪሕነት ይመርጽ። ከምኡ'ውን ኣቦ መምብርን ኣባላትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ይመርጽ...*" ብዝብል ኣስፊሩ ንረክብ። እዚ ኣብ ዓንቀጽ ሽውዓት/መ/ቁጽሪ 3 ዝተጠቐሰ፡ ካብቲ 7 ዓበይቲ ዕማማት እቲ ማእከላይ መሪሕነት እዩ።

ኣብ ኣኼባታቱ ብኸመይ ይውስን ንዝብል ድማ ክከም ክብደት ናይቲ ውሳነታት እቲ ዝድለ ድምጽታት ብዝርዝር ኣቐሚጡ ኣሎ። ንኣብነት ንምጥቃስ ህጹጽ ኣኼባ ንምጽዋዕ ካብ ማእከላይ መሪሕነት ናይ 50+1 ድምጺ ምርካብ እኹል ምዃኑ ኣብቲ ቅዋም ተጠቒሱ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ብ2/3 ድምጺ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ህጹጽ ኣኼባ ናይ ማእከላይ መሪሕነት ምጽዋዕ ከም ዝክኣል ሰፊሩ ኣሎ። ንግእገረ መገድና ንምጥቃስ ድማ ውሳነታት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብ2/3 እዩ ዝሓልፍ ዝብል ዓንቀጽ እውን ኣለና። ኣብ መወዳእታ ድማ ማእከላይ መሪሕነት ውሳነታቱ ብ3/4 ብዝሒ ድምጺ የሕልፍ ይብል። ስለዚ ብሓደ ወገን ምምራጽ መሪሕነታት ሓደ ካብ ቀንዲ ዕማማት ማእከላይ መሪሕነት እዩ ካብ በልና እሞ ድማ ብዘይካዘን ብፍሉይ ዝሰፈራ ካልእ ውሳነታት ማእከላይ መሪሕነት ብ3/4 ይሓልፍ ካብ በልናሲ በየናይ መንገዲ መጺእና ኢና ብ50+1 ንዝተመረጸ መሪሕነት ሕጋውነት ነልብሶ?። ኣነ ግና ሓደ ስግኣት ኣለኒ ማለት ምምራጽ መሪሕነት ውሳነ ኣይኮነን ዝብል መህደሚ ነጥቢ ከይመጽእ። ኣብ ዝካየድ ዘይስሩዕ ክተዓት ከምኡ ዓይነት ስምዒታት በጨቕ ከም ዝብል እውን ተዓዚበ ኣለኹ። ምስዚ ኩሉ ግና ካብቲ ኣነ ዝፈልጦ ተወልደ ሞናሰናይ ብሎክ ክልተ ኣቦ መምበር ስለ ዝተባህለ፡ ከምዚ ዓይነት ሽፈጥ ከይመጽእ ተስፋ ኣለኒ። እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ናትካ ጥራይ ዘይኮነስ ብዙሕ ቅዱስን ርኹስን ኣእዳው ዝተሓወሶ ምዃኑ'ውን ኣይስሕቶን እየ። ስልዚ ተወልደ ንሸኻ ኮነ ካለኦት ኣባላት መሪሕነት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዲሞክራሲያዊ ኪዳን እዮም ኢልካ ዘርዚርካዮም ዘለኻ ኣሕዋት ውጽኢ ናይ ዓመጽ እምበር ብሕጋዊ መንገዲ ዘይመጹ ምዃኖም ክትርዳእ እላበወካ። ኩሉ መንገዲ ጸልማት ኮይኑ ምስተራእየኩም ዝፈጸምኩሞ ታሪኻዊ ጌጋን ብረት ዘይተሓወሶ ዕልዋ ምዃኑ እውን ኩሉ ተገንዚብዎ እዩ። እንተ እቲ ናይ ማእከላይ መሪሕነት ኣባልነቶም ግና ብናይ ውድባቶም ዝረኸብዎ ውክልና ስለ ዝኾነ ኣብ ቦታኡ እዩ።

ኣብቲ ንሕጋውነት ብዝምልከት ዘቕረብካዮ ርኢቶ፡ ርግጽ እዩ ንሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣጉዲልካ ናይ ማእከላይ መሪሕነት ምልኣት ኣሎ። ሰልምንታይ 2/3 ስለ ዝብልን እቲ ንሸኻ ዘለኻዮ ብሎክ

14 ድምጺ ስለ ዝነበሮ። እንተኾነ እዚ ምልኣት ኣለዎ ዝበሃል ዘሎ ኣኼባ ውሳነታቱ እንተላይ ዘካየዶ ምርጫ ሕጋውነት የብሉን። ስለምንታይ ሕጋዊ ውሳነ ክሕልፍ ሰለስተ ርብዒ ማለት ብውሑዱ 15 ድምጺ ክውንን ነይርዎ። ስለዚ እዚ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ብሎክ ክልተ ዘካየድዎ ኣኼባ ውሳነ ዘይሰርሕ ዓይኒ ዘልዎ ሬሳ እዩ ነይሩን ዘሎን።

ኣነ እዚ ክብል እንከለኹ ሓው ተልደ ምናሴ ኣባል ማእከላዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ እውን ነዚ ብሩህ ነገር ምግንዛብ የጸግሞ እዩ ካብ ዝብል ነቒለ ኣይኮንኩን። ንሱ እንተኾነ እውን ኣብቲ መግለጺኡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ "... *እቲ ዋና ጸገም እንታይ እዩ እንተበልና በቲ ኣብ ቅዋም ሰፊሩ ብዘሎ መሰረት ብ3/4 ውሳነ እንተደኣ ዝሓልፍ ኮይኑ ሓደ ሕጹይ እውን ንክሓልፍ ኣይክእልን እዩ። እዚ ድማ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ዝምረጽ መራሒ ኣይክህሉን እዩ።*..." ዝብል ሓሳብ ኣስፊሩ ኣሎ። ኣብዚ እቲ ጸገም ከም ዘጋጠመ ኣነ ምስ ሓው ተወልደ ምናሴ ይሰማማዕ እየ። እቲ መፍትሒ ግና ንስልጣን ጉባኤ ጥሒስካ ብናትካ መንገዲ ምኻድ ዘይኮነስ፡ እቲ ኣየስርሕን እዩ ዝተባህለ ናይ ኣወሳስና ሕጊ ኣብቲ ባህርያዊ ቦታኡ ኣብ ጉባኤ ከይዱ ከም ዝመሓየሽ ምግባር ጥራይ እዩ ነይሩ። ማለት ነቲ ኣብ ቅዋም ኪዳን ምዕራፍ 10 ቁጽሪ 2 "...*ኣብዚ ቅዋምዚ ምምሕያሻት ንኽታኣታቱ ስልጣን ዘለዎ ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን ጥራሕ እዩ*..." ብዝብል ሰፊሩ ዘሎ ቀይዲ ምጥሓስ ናይ ዓገብ ዓገብ ምኺኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

ኣብቲ ሓው ተወልደ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ብዛዕባ ኣድላይነት ህጹጽ ጉባኤ ጠቒሱ ኣሎ። ኣድላይነት ህጹጽ ጉባኤ ብኹሉ ብሎካት ተቐባልነት ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኒ። እቲ ካብዚ ቀጺሉ ዝቐረብ ሕቶ "...*ብኸመይን ብናይመን መሪሕነትን ናብ ህጹጽ ጉባኤ ንበጽሕ?*..." ዝብል እዩ ዝኾውን። ኣነ ከም ዝመስለኒ ሓው ተወልደ ምናሴ ኣብቲ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺኡ መልሲ ሂቡሉ ኣሎ። ኣንተኾነ ብዘይ ቃል-ዓለም መልሱ ፍትሕዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ካብ ብሎክ ክልተ ተኣኻኺቡ ዘይሕጋዊ ፈጻሚ መሪሕነት ዝመረጸ ጉጅለ መሪሑ ናብ ሕጹጽ ጉባኤ ከብጽሕ ማለቱ እንተኾይኑ "... *ዝኣኽለን ጥሒነንሲ በዓለ-ማርያም ይብላ*...' እዩ ዝኾውን። ነቲ ኣብ ጉባኤ ክመሓየሽ ትጽቢ ክግበረሉ ዝግባእ ዓንቀጻት ብትዕቢት ጥሒስካስ ነቲ ጥሕሰትን ትዕቢትን ዝፈጠሮ ኩነት ብኡባኤ ሕጋውነት ከተልብሶ ናይ ምድላይ ተንኮል ዘለዎ ናይ ህጹጽ ጉባኤ ጠለብ እውን የምስሎ። ግደ ሓቂ ንምዝራብ ግና ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ መዋጥር ኣብ ህጹጽ ጉባኤ ናይ ምፍታሕ ሓቀኛ ድሌት እንተልዩ፡ ናብቲ ጉባኤ ነቶም ክልተ ኣብቲ ወጥሪ ተዋሳእተ ዘለዉ ብሎካት ብማዕረ ከሳትፍ ዝኽእል ፍታሕዩ ወይ ግዚያዊ ኣሰራርሓ ክርከብ'ዩ ዝግባእ። ኣብዚ ብብሎክ ሓደ ዝቐረበ ናብ ጉባኤ ብመንገዲ መሰጋገሪ ሰክረታርያት ምብጻሕ ዝብል እማመ ብኻልእ ካብኡ ዝሓሸ ክሳብ ዘይተሳዕረ ነዓይ መተካእታ የብሉ። እዚ ሓው ተወልደ ብስሙ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝሃበሉ ብሎክ ኣብ'ዚ ዋላ ተጸሚሙ ንህልኽ ስዒሩ ዋጋ ተዝከፍል ድማ ኩሉ ናይ ክሳብ ሕጂ ሓጥያቱ መተሰርየሉ ዝብል እምነት ኣለኒ። ካብዚ ሓሊፉ ንሓቀኛ ትሕዝቶ ናይቲ ጉዳይ ጓሲኻ ሰማዕቲን ኣንበብትን ንምዕሻው ሸውዓተን ሰለስተን ውድባት ናይ ምውድዳር ድፉን ኣከያዱዳ ብሓጺሩ ካብ ንግዚያዊ ሃልኪ ሓሊፉ ዘምጽኦ ፍታሕ የለን። እዚ ሓይልታት እዚ ሓደ እዋን በበይኑ ከድምዕ ከም ዘይክእል ምስተረድኤ ዝተራኸበ እዩ። እዚ እምነት'ዚ ድማ ተደላዪ ተፍርሶ ተደለኻ ትሰርሖ ዘይኮነስ ሽአውዓተ ኢና እናበልካ ፍንጭራዕ ትብለሉ ኣይኮነን። እቲ ካልእ ጉዳይ ቁጽሪ ውድባት ናይ ምውድዳር ሕሳብ ዘይኮነስ ነቲ ድሕሪ ውድባት ዘሎ ጉዳይ ምርኣይ እዩ። ማለት ብውድባት ውሑድ ኮንካ ብዙሕ ህዝቢ እተሰልፍ ብውድባት ብዙሓት ኮይንካ ድማ ውሑድ ሰዓቢ ክህልወካ ከም ዝኽእል እውን ምግንዛብ የድሊ።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት ኤርትራ
14 መጋቢት 2007